# መዓስከር ሓተቲ ዑቕባ እንታይ እዩ፧

ሓበሬታታት ምስ ወለድኹም ንዝመጻኹም ሓተቲ ዑቕባ



## እናተጸበኹም እትቕመጥሉ ቦታ

ምናልባሽ ንስኻን ስድራ ቤትካን ኣብ ኖርወይ ክትቕመጡን ኣይክትቕመጡን ብዝብል መልሲ ጉዳይ ሕቶኹም እናተጸበኹም ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ንንውሕ ዝበለ እዋን ትቕመጡ ትኾኑ ኢኹም።

ክሳብ ሽዕኡ ግና ኣብ ዝተፈላለያ መዓስከራት ስደተኛታት ንክትቕመጡ ተኽእሎ ኣሎ።

ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ከምዚ ከማኻ  ብዙሓት ተቐመጥቲ ሓተቲ ዑቕባ ኣለው።





## ህይወት መዓስከር

ኣብ መዓስከር ስደተኛታት መንበሪ ቦታ መምስ ዓራውታትኩምን መኸሸኒ መግብን ይወሃበኩም እዩ። ንመግብን ክዳውንትን ዝኸውን ገንዘብ እውን ይወሃበኩም እዩ።

እንተ ሓሚምካ ሕክምናዊ ሓገዝ ይግበረልካ እዩ። ሰራሕተኛታት መዓስከር ሓኪም ንምውካስ ይተሓባበሩኻ ኢዮም።

ካብ 6 ንላዕሊ እንተኰይኑ ዕድመኻ፡ ትምህርቲ ትመሃር ኢኻ። ወለድኻ ድማ ቋንቋ ኖርወይና ንክምሃሩን ብዛዕባ ኖርወይ ንክፈልጡን እውን ትምህርቲ ይኸዱ ኢዮም።

ኣብዚ ዘለኻዮ መዓስከር ስደተኛታት እኹላት ዓበይቲ ሰባት ንዓኻን ንስድራ ቤትካን ዘድልየኩም ሓበሬታትት ክህብኹም ዝኽእሉ ኣለው። ሰራሕተኛታት መዓስከር ኣብ ኖርወይ ንክትቕመጥን ከይትቕመጥን ኣይውስኑን ኢዮም።



## ኢንተርነትን ንጥፈታትን

ኣብዚ መዓስከር እዚ ኢንተርነት ብናጻ ኢኻ ትጥቀም። ኣብዚ መዓስከር እናተቐመጥካ ኣብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ክትሳተፍ ትኽእል ኢኻ፡ እዚ ኣብ ርእሲ እቲ ትኸዶ ትምህርቲ ዝካየድ ኢዩ።

ዑቕባ ምስ ሓተትካ እንታይ ከም ዝካየድን ዝስዕብ መስርሕ ከመይ ከም ምዃኑን ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ እዚ እቶ፡ www.UDI.no

UDI Utlendingsdirektoratet Norwegian Directorate of Immigration
UTLENDINGSNEMNDA UNE
POLITIET POLITIETS UTLENDINGSENHET